# **መርድእ ድሕሪ መርድእ!!**

ብዳዊት ክፍለዝጊ፡

መርድእ ድሕሪ መርድእ እንብዛ መረሩ፡
ሕመኽና፡ ዘይዱ ክፋእና ክንረሩ ፡
ኣፍና ብዕቡሱ ኣእዳው ብጡሙሩ፡

መምስ ኮነ ዋይዋይ፡ እንታይ ፋይዳ ሎዎ፡
ተንቁ ከይንውግድ ግዜ ብዓንተዎ፡
ብጃምላ ይጸንት ዓቕሉ ምስ ዘበቦ

ሓደ ዲሕሪ ሓዳ ከይ ዓረፈ ቃንዛ
ደበስ ዘይተ ረክባ ህልቂት ላምፓዱዛ
ወይዋይታ ብኽያቱ ዘጸልመተ ገዛ፡

ዓበይቲ ህጻናት ዘይ ብሎም ኣበሳ፡
ሓዲኡ እንዶ ንግበር ነብስና ንውቀሳ፡
ይቅሬታ ለሚና ካብ ሓጥያት ኣበሳ፡
ብሓባር መሪሽና ሰላምና ነንግሳ፡

ኣብ ምድረ በዳ ሲናይ ኣውያቶም ዘይ ሱሞያ
ኣብ ቀላያት ባሕሪ ሓንቢስካ ዘይርቶያ፡
ማእለያ ዘይብሉ ወገና ዝጠፍኡ፡ኣይ ተረኽበን ሰማዒ፡ዝሰምያ፡

ዝተበገሱሉ እንበር መዕለቢኦም ዘይፈልጡ።
ዓቕሊ ጽበታዊ ካብ መከራ ከምልጡ፡
ካብ ዶባት ይጅምሮም ይሰሩ ይቕጥቀጡ
ብነጋዶ ደቂ ሰባት ይሽየጡ ይልወጡ፡
ዋንነቶም ኣብ ዓዲ ዓውዲ ዝሰቐጡ፡

ካብ ሞት ንኽምሉጡ ንዓዲ ሞት ክረኽቡ ሓርነት፡
ምስተ ደራረበ መግዛእታዊ ጊላነት፡
ናይ ተፎጥሮ ኮይኑ ክሓልፈለይ ማለት፡እፎይታ ቅሳነት፡

ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ምስተ ተደራረቦ፡
ኣያ ምስ ሳእነ ዝህቦ ኣቓልቦ፡
ኣይታዩን ኮይና ትውልዲ ዓደቦ፡

እንበር መን ኣሎ ዓዱን ዓውዱን ገዲፉ ዝጠዓሞ።
ጉቡኡ ዝረኸበ መሰል ዘይተ ሓርሞ
ብሕጊ ዝምራሕ ባዕሉ ብዚ ሽሞ፡
ሂወቱ ንምምራሕ ምዓስ ምጸገሞ፡

ይነፍጽ ይዓርብ እግሩ ናብ ዝመርሖ፡
ኣብ ገዛእ ገዙኡ ምስ ጸልመቶ ኑጉሆ፡
ሰላም ምስተ ነፍጎ ከም መኽዳ ዓሪ ሆ፡
ኣዚን ወዲ ኽምዚን ንስደት የምርሖ፡

ንጸንት ኣሎና ኣይ መርዓ ኣይ ደርዓ፡
ከካዕቢቱ ዝሓድር ዝዳራረብ ወጽዓ፡
እታ ብዝንና ንሰምዓ ዓይንና ትሪአ፡
ካብ ጥፍኣት ዘሎ ኢዩ ዝኸፈኤ፡ ወጽዓ፡

መንግስተ ሰማያት ንግዳያትና
ጽንዓት ንቤተ ሰብ ብሓፈሻ ንመላእ፡ ህዝቢ ኤርትራ
ይአክል ንበሎ ነዚ ሰብ ሰርሕ ሂልቂት ወገናትና፡